ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ዞባ ሰ/ምዕራብ ናይ ማሕበር ልምዓት
ሽረ ቤት ፅሕፈት

ቁጥር C-1077 B-2007

ቀን 24/10/2007 ዓ.ም.

**ናብ ማልሽ ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ ቤትፅሕፈት**

**<u>ኣሜሪካ</u>**

**ዋኒኑ፡- ኩነታት ሰ/ኣሜሪካ ጨንፈር ማልሽ ምንቅስቓስን ኣፍልጦ ምሃብን ይጥምት።**

ኣብ ዋኒኑ ክምዝተሓበረ ጨንፈር ሰ/ኣሜሪካ ካብ እትጣየሽ ጀሚራ ዕላማን ራእይን ማልሽ ንምዕዋት ካብ ምውዳብን ምልዕዓልን ክሳብ ዝተፈላለዩ እቶት ፍልፍል ብምምሃዝ ብርክት ዝበለ ገንዘብን ኣታዊ ክገብር ዝኸኣለ ናይ ማሕበርና ዓንዲ ሕቖ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። እዚ ኣብ ከተማ ሽረ እ/ስላሴ ብብር ልዕሊ 7.2 ሚልዮን ዝተሃነፀ ናይ ህዝቢ ቤተ-መፃሕፍቲ 2/3 ዝሸፈነ ገንዘብ ካብ ሰሜን ኣሜሪካ ማልሽ ጨንፈር ዝተኣከበ ገንዘብ እዩ። እዚ ድማ ክትኮርዕሉን ክትሕበኑሉን ይግባእ። ካብተን ዘለዋ ጨንፈር ማልሽ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ወፃኢ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ዝገበረት ጨንፈር ማልሽ ምዃና ሕጋዊ ኣፍልጦ ክትረክብ ይግባኣ። ስለዚ ይ እዚ ህንፃ ንምስራሕ ወሳኒ ተራ ተፃዊትኩም ኢኹም። እንኳዕ ደስ በለኩም።

እዚ ከምዚ እንዳሃለወ ካብ 2011 ዓ.ም.ፈ ንደሓር ዝነበረ ርክብ እንዳላሕለሐ ኣብ ሞንጎ እቲ ጨንፈር ሰ/ኣሜሪካ ዓለም ለኸ ማሕበርን ምፍንታት ተራእዩ እዩ ሕሉፍ ሓሊፉ ዋና ቤትፅሕፈት ዘይፈልጦ ብጎኒ ጉጅለ እንዳተልኣኸ ናብ ዓዲ ማሕበርና ንምብታን ፈተነታት ተኻይዱ ግን ድማ እቲ ሓቂ ተረዲኦምን ተገንዚቦምን ከይዶም እዮም። ኣብ ኣሜሪካ ብዛዕባ ማልሽ ዝውረ ኣሉታዊ ወረን ሓቂን ተነፂሩ እዩ።

ይብኣስ ተባሂሉ ኣብ 4ይ ስሩዕ ጉባኤ ዓለም ለኸ ማልሽን ኣብ ምምራቕ ህንፃ ሊያብረረን እውን እቲ ናይ ሰ/ኣሜሪካ ማሕበር ንምብታን ዝፅዕር ጉጅለ ዘይንቡር ተግባራት ክፍፅም ባዕሉ ንባዕሉ ተቃሊዑ እዩ። ገሊኦም ካብ ሃገርና ከመይ ኢሎም ከምዝወፁ ባዕሎም ይፈልጥዎ። ስለዚ ይ ናይ ሰ/ኣሜሪካ ጨንፈር ማልሽ ሕገ ደንቢ ማሕበርና ዓንቀፅ ዓ.(ዓ.) ንኡስ ዓንቀፅ ጉባኤ ማልሽ በቢ2ተ ዓመቱ ይስየም ሓደሽቲ ኣባላት ቦርድን ፈፃሚትን ይምረፁ ይብል። ብተመሳሳሊ ኣባላት ቦርድ ተመሪፆቲ ካብ ክልተ ጉባኤ ንላዕሊ ክስየሙ /ክምረፁ/ የብሎምን እንዳበለ እንዳሃለወ እዞም ውልቀ ኣባላት ማሕበር ኮይኖም ግን ዕድመ ማልሽ ዝኣክል ኣመራርሓ ኮይኖም ክቕፅሉ ዝደለዩ ካብቲ ሕገ-ደንቢ ማሕበር ዝጠሓሰን ሕገ-ደንቢ ማሕበር ክፍርሱን ዝፅዕሩ ዘለዉ ብምዃኖም

ዝኸበርኩም ኣባላት ማልሽ ሰ/ኣሜሪካ ኣብ ኣጠቓላይ ውሽጢ ዓድን ዘለኹም ኣመራርሓን ዝኾነ ይኹን ውልቀሰብ ኣብስልጣን መንግስቲ ይኹን ናይ ማልሽ ንሕግ-ደንቢ ማሕበርና ዝፃረር ተግባር እንትንፍፅም ስኽ ኢልና ኣይንርእን ኣብ ሰ/ኣሜሪካ ዝፍፀም ዘሎ ድማ ክሳብ ሕጂ ሎሚ ፅባሕ ከማሓይሽ እዩም ብምባልን እቲ ብድሕሪኡም ምንም ዘይተረደአ ተራ ኣባልናን ካብቶም ጉጅልትን ሕጊ-ማሕበርና ዝጥሕሱ ዘለዉ ተረዲኡ ክንፀሎም ኢልና ልዕሊ 4ተ ዓመት ዝኣክል ማሕበር ፀይርዎ ፀኒሑ እዩ። ካብዚ ንላዕሊ ክፀሮ ስለዘይከኣለ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ወጊድ ክብሎም ይግባእ።

በዚ መሰረት እቶም በብ2ተ ዓመቱ ሕግ-ደምቢ ማሕበርና ተኸቲሎም ሕጋዊ ጉባኤታት ብዘይምቁራፅ ዘካይዱ ዘለዉ እኒ

1. ኣይተ ዮሴፍ ማሩ ፕረዚደንት
2. ኣይተ ግደይ ደርሳ ምክትል ፕረዚደንት
3. ኣይተ ዓንዶም ማሩ ፀሓፊ
4. ኣይተ ክፍለ ካሕሳይ ርክብ ህዝቢ
5. ኣይተ ሙሉ ገሰሰው ተ/ ገንዘብ

ኣብ ቁፅፅር ኮሚሽን ድማ፥-

1. ወ/ሮ ሙሉ ገሰሰው
2. ኣይተ ሂኖክ ሙላለም
3. ኣይተ ኪሮስ ኣርኣያ
4. ኣይተ ተሻለ ተስፋይ

ብምኳን ነቲ ማሕበር ንቅድሚት ንምውሳድ ሰፊሕ ፃዕሪ ዘካይዱ ዓለም ለኸ ማልሽ ዋና ቤትፅሕፈት ኣፍልጦ ዝሃበኩም ምኳኑን እናገለፅና ምስ ዋና ቤትፅሕፈት ስጡም ርክብኩም ብምጥንኻር ስራሕኹም ክትቅፅሉ ንዘጋጥመኩም ኩለመዳይ ፀገማት ምስ ዋና ቤትፅሕፈት ማልሽ ብሓባር ክትምክትዎ እናሓበርና። ኣብ ሰ/ኣሜሪካ እትርከቡ ኣባላት ማልሽን ሙሉእ ዓለም ዘለኹም ኣባላት ማልሽን ኣመራርሓን ድማ ነዚ መልእኽቲ ካብ ዝፈለጥኩም ግዜ ጀሚርኩም ደገፍን ሓገዝን ክትገብርሎም ንላቦ።

ዝኸበርኩም ኣባላት ማልሽ ኣብ መላእ ዓለም ትርከቡ ናይ'ዚ ማሕበርና ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ሽረ ካብ ምንም እዋን ንላዕሊ ውዳበታት እናጠናኸረት ብሓድሽ ወኒ "ዝላ ብስጡም ሓድነት ንዝበለፀ ዓወት" ብዝብል ቴማ ንዝለዓለ ስራሕ ተጠናኺራ ትቕፅል ዝላ ምኻና ክርድኡን፤ ድሮ ኣብ ኣ/ኣበባ ሓዱሽ ፈፃሚት ጨንፈር ኣጣይሻ ናብ ተግባር ተሰጋጊራ እያ። ስለዚ ናይ ቀፃሊ 2ተ ዓመታት ትልሚ ኣነፂራ ትርከብ።

ቀፃሊ 2ተ ዓመታት እንሰርሖም ስራሕቲ

1. ናይ ላይብረሪ ናውቲ ምምላእ

   ሀ. ብኮንቬንሽናል ላይብረሪ

   ለ. ዲጅታል ላይብረሪ ናውቲ ንምምላእ ምስ ኣኽሱም ዩኒቨርስቲ ብምትሕብባር ፕሮጀክት ዲዛይንን ስፔስፊኬሽንን ኣዳልዩ ናብ ስራሕ ኣትዩ ኣላ።

2. 2ተ ደረጅኦም ዝሓለዉ 2ይ ብርኪ ህንፃ ምስ ናውቲ ሰራሓ ንዝምልከቶ ኣካል ምርካብ። እዚ እውን ስፔስፊኬሽን ዲዛይንን ኣብ ምድላው ትርከብ።

- ስለዚ ማልሽ ብዝበለፀ ተጠናኺራ ናብ ልዕሊ 60 ሚልዮን ብር ዝወድአ ፕሮጀክትታት እናዳለወት ውዳበታት ብምጥንኻር ናብ ተግባር ትስጋገር ዘላ ማሕበር ምኟና ተረዲእኹም ውዳበኹምን ኣሰራርሓታትኩምን ብምጥንኻር ምስ ኣባላት ማልሽ በብእዋኑ ብምርኻብ ዕውት ስራሕ ክትሰርሑ በዚ ኣጋጣሚ ክንሕብር ንፈቱ።
- ዝኸበርኩም ኣባላት ማልሽን ኣመራርሓ፣ ማልሽ፣ ቅድሚ ኹሉ ዝሰርዩ ማሕበርና ኮይኑ ማሕበርና ህልውንኡ ከረጋግፅ እንትኽይኑ ድማ ሕጉ-ደምቢ ማሕበርና እንትኽበር እዩ። ካብዚ ወፃኢ ውልቀ ሰባት ድሕሪ ማሕበርና 'ምበር ቅድሚ ማሕበርና ኣይንሰርዮምን። ሰባት ሕጉ-ደምቢ ማሕበርና ክጥሕሱ እንትፍትኑ ድማ ዓገብ ክንብሎም ይግባኣና። ስለዚ ድማ 'ዩ እዞም እኒ ብርሃነ ትኩእ ዘለዎም ካብ 2-3ተ ዘይበልፁ ውልቀ ሰባት ካብዚ ዕለት ጀሚሮም ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓሶም ጠጠው ኣቢሎም ኣብ ኢዶም ዝርከብ ገንዘብ ሰነድ፣ ንብረት፣ ፍቓድ ማሕበር፣ ማሕተምን ማሕበርና ንዝምልከቶም ኣካላት ኣዲት ኰይኖም ከረክቡ ዓለም ለኸ ማልሽ ስራሕ ፈፃሚት ወሲኑ እዩ። ካብዚ ሓሊፎም ማሕበርና ዘይትፈልጦ ምንቅስቓስ ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ ክገብሩ ኣይትፈቅድን፣ እዚ ማለት ኣኼባ ክካይዱ፣ ገንዘብ ክእክቡ፣ ብሽም ማልሽ ሰ/ኣሜሪካ ተወኪልቲ ኮይኖም ኣብ ካልኦት ነቲ ማሕበርና ዝምልከት ኣኼባ ክካፈሉ ሰነድ ይኹን ገንዘብ ክንቀሳቕሱ ዘይፍቀደሎም ምኟኖም ክፈልጡን ኣባል ማልሽ ሰ/ኣሜሪካ ነዚኦም ዝወሃብ ዝኾነ ገንዘብ ከምዘይህሉ ክሳብ ሕዚ ዝኣተወን ዝወፀን ሒሳብ ተፃርዩ ንዝምልከቶ ሕጋዊ ማሕበር ልምዓት ሽረ ኣታዊ ክገብሩን ከረክቡን ንገልፅ።
- ኣንቱም ብሕጋውያን ማልሽ ብምኟን ኣብ ቀረባ እዋን ዝተፈላለዩ መድረኻት ከም ዘዳለኹም ምስ ዋና ቤትፅሕፈት ቴሌ ኮንፈረንስ ንምግባር ምድላው እናገበርኩም ከምዘለኹም ዝፍለጥ ኮይኑ ኣብ ኣባላትናን ደገፍትናን ግልፂ ዘይኮኑ ሕቶታት ኣቐዲሞም ክጥርነፉን ክውደቡን ንዓለም ለኸ ክበፅሑን ኣብቲ ዕለት ዝለዓሉ ድማ ብቐጥታ ምላሽ ክወሃብ እናሓበርና ሰናይ ቴሌቶን ቴሌኮንፈረንስ ክኾነልኩም እናተመነና ቀፃሊ ርክብና ክሕይል እናተላቦና ሰናይ ናይ ስራሕ ዓመትን ሰላምን ክኾነልና ንምነ ደሓን ኩኑ።

"ዝላ ብስጡም ሓድነት ንዝበለፀ ዓወት"

ምስ ሰላምታ!